ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإرتري
መሰረት الأساس

**Eritrean Nahda Party Meseret**

## መግለጺ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት ብምኽንያት

## ብምኽንያት 8 መጋቢት ዓለምለኻዊ ማዓልቲ ደቂንስትዮ።

ኣህጉራዊ ማዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ (8 መጋቢት)፡ ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣብ ማሕበራዊ፡ ኤኮኖሚያዊ፡ ባህላውን ፓለቲካውን ኣበርኩታኣን ዓቢ ተራኣን፡ ጾታዊ መሰላን ንምኽባር ብኣህጉራዊ ደረጃ ትኽብር ኣዝያ ኣገዳሲት ዕለት እያ። ኣህጉራዊ ማዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ካብ 1909 ኣትሒዛ ኣብ ገለ ገለ ሃገራት ክትኽበር ድሕሪ ምጽንሓ ካብ 1975 ጀሚራ ብደረጃ ሕቡራት መንግስታት ትኽበር ዘላ ክብርቲ ማዓልቲ'ያ።

8 መጋቢት፡ ኣብ መባዛሕትኡ ሃገራት፤ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ትባዓል ክብርቲ ዕለት ኮይና፡ ንማዕርነት ጓል ኣንስተይቲ ዘንጸባርቕ ዝተፈላለየ ምርኢትን፡ ንጥፈታትን ዝግበረላ ፍልይቲ ዕለት'ውን ክትከውን እንከላ፡ ኣብ ኤርትራ'ውን ካብ ግዜ ሳውራ፡ በብዓመቱ ትኽበርን፡ ርኡይ ተራ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስን፡ ድሕሪ ናጽነትን ዝንጸባረቐላ ታሪኻዊት ዕለት እያ።

ይኹን እምበር ብሰንኪ ጉጉይ ፓሊሲ ስርዓት ህግደፍ፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ፡ ወሊዳ ዝመኸነት፡ ክብረታ ተነፊጋ ንኣደዳ ስደትን ግዳይ ምድረ-በዳን፡ ቀላያት ሜድትራንያን ዝተቓለዐት፡ ነዛ ዕለት እዚኣ ከተኽብር ዘይታዓደለት ፍጥርቲ እያ።

በጋጣም'ዛ ክብርቲ ዕለት፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት፡ ንኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓና እናበለ፡ ክብረታን መሰላን ንምምላስ፡ ከምቲ ኣብ ግዜ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ሕጂ'ውን ንፍትሕን ማዕርነትን ብዓቢኡ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ኣደራዕ ናይዚ ገባቲ ስርዓት ንምድሓን ከምቲ ልሙድ መሪሕ ተራኣ ክተበርክት መድረኽ ይጽዋዓ'ሎ።

**ማዕርነት ክብርን ንኤርትራውያን ደቂንስትዮ**
**ውድቀት ንሰርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**
**ቢት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቓሕን (08.03.2018)**